ምሉእ ብምሉእ ክንርድኦ ዜድልየና ኣርባዕተ ሓቅታት ኣሎ ፦

1 ኣምላኽ የፍቅረካ እዩ ፡፡

ኣምላኽ ምስኡ ኣብ ሰማይ ዘለኣለማዊ ህይወት ክህልወካ ኢዩ ዝደልየካ ።
ኩሉ ብእኡ ዝኣምን፥ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኽረክብ እምበር
ከይጠፍእስ፥ እግዚኣብሄር ንሓደ ወዱ ቤዛ ገይሩ ኽሳዕ ዝሀብ፥ ክንድዚ
ንዓለም ኣፍቀሮ። ዮሃንስ 3:16
ኣምላኽ ኣኺሉ ዚተርፍን ትርጉም ዘለዎን ህይወት ኪህልወካ እዩ
ዚደልየካ ።
እቲ ሰራቒ ግና፥ ክሰርቕን ክቐትልን ከጥፍእን እንተ ዘይኮይኑ ኣይመፅእን
እዩ፤ ኣነ ግና፥ ህይወት ምእንቲ ኽረኽቡን ኽበዝሖሎምን እየ
ዝመጻእኹ። ዮሃንስ 10:10

2 ሰብ ብተፈጥሮኡ ሓጥእ እዩ ፡፡ ስለዚ ካብ ኣምላኽ ተፈልየ ፡፡

ኩሎም በዲሎም እዮም፤ ክብሪ እግዚኣብሄር ከዓ ጎዲልዎም እዩ።
ሮሜ 3:23 ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ፥ ውህብቶ ፀጋ እግዚኣብሄር ግና፥
ብኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና፥ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ። ሮሜ 6:23
እቶም ፈራሓትን፥ ዘይኣምኑን፥ ርኹሳትን፥ ቀተልቲ ሰብን፥
ኣመንዝራታትን፥ ጠንቈልትን፥ መምለኽቲ ጣዖትን፥ ኩሎም ሓሰውትን
ግና፥ ክፍሎም ኣብቲ ብሓዊን ዲንን ዝነድድ ቃላይ እዩ፤ እዚ እቲ
ካልኣይ ሞት እዩ" በለኒ። ራእይ 21:8

ሰብ ብሰንኪ ሓጢኣቱ ኻብ ኣምላኽ ዚፍለ እንተ ዀይኑ ነዚ ጸገም እዚ
ፍታሕ ዚኾነሉ እንታይ እዩ ? መብዛሕትኡ ግዜ ነዚ መፍትሒታት እዚ
ኽም ሃይማኖት ሰናይ ግብሪ ስነ-ምግባር ጌርና ኢና እንርእዮ
ይኹን እምበር ኣምላኽ ዚህበና ሓደ ፍታሕ ጥራይ እዩ ዘሎ ።

3 ናብ ሰማይ ዚወስድ እንኮ መገዲ የሱስ ክርስቶስ እዩ ፡፡

ኢየሱስ ድማ፦ ኣነ መንገድን ሓቅን ህይወትን እየ፤ ብዘይ ብኣይ፥ ሓደኳ
ናብ ኣብ ዝመፅእ የለን። ዮሃንስ 14:6
ክርስቶስውን ናብ እግዚኣብሄር ምእንቲ ኸቕርበና፥ ጻድቕ እንተሎ
ምእንቲ ሓጥኣን ሓንሳእ ንሓዋሩ መከራ ተቐቢሉ ሞተ። ብስጋ ሞተ፤
ብመንፈስ ግና ህያው ኰነ። 1ይ ጴጥሮስ 3:18
እቲ ብወልድ ዝኣምን፥ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣለዎ፤ እቲ ብወልድ
ዘይኣምን ግና፥ ቍጥዓ እግዚኣብሄር ደኣ ኣብ ልዕሊኡ ይነብር እምበር፥
ንናይ ዘለኣለም ህይወት ኣይረኣን እዩ። ዮሃንስ 3:36

4 ምእንቲ ድሕነትና ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ክንእመን ኣሎና ፡፡

ድሕነትና ብጸጋ ኣምላኽ ክርከብ ዝከኣል ብየሱስ ክርስቶስ
ብምእማን ኢዩ ።
ንክርስቶስ ብምእማን፥ ብፀጋ ኢኹም ዝደሓንኩም። እዙይ ከዓ ውህብቶ
እግዚኣብሄር እዩ እምበር፥ ካባኻትኩም ኣይኮነን። ሓደኳ ኸይምካሕስ
ብግብሪ ኣይኮነን። ኤፌሶን 2:8-9

ነዛ ጸሎት እዚኣ ብእምነት ናብ ኣምላኽ ንግበር፦
ጐይታይ የሱስ ስለቲ ንዓይ ዘላትካ ዓባይ ፍቕሪ ኣዝየ እመስግነካ። ሓጥእ
ምዃነይ እእመን ይቕረታ ድማ እልምን እየ ። መቕጻዕቲ ሓጢኣተይ
ንምኽፋል ኣብ መስቀል ስለ ዝሞትኩም እመስግነኩም ። ኣብ ትንሳኤኻ
ኻብ ምዉታት እኣምን እየ ። ካብ ሕጂ ንዓኻትኩም ከም ጐይታይን
መድሓንየይን እኣምነኩም ኣለኹ። ውህበት ዘለኣለማዊ ህይወትካ እቕበል
ህይወተይ ከኣ ንዓኻትኩም ኣሕሊፈ እህበኩም ኣለኹ። ትእዛዛትካ
ኽሕሉን ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኻ ባህ ከብልን ሓግዘኒ። ኣሜን ።

ብየሱስ ክርስቶስ ትኣምን እንተ ኼንካ እዚ ዚስዕብ እዩ ኣጋጢሙካ ፦
• ምስ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ ህይወት ኣሎካ ።
ኩሉ ንወልድ ሪኡ ብእኡ ዝኣምን፥ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክረክብ፥
ኣነውን በታ ዳሕረወይቲ መዓልቲ ኸተስኦ እየ፤ እዙይ ፍቓድ ኣቦይ
እዩ። ዮሃንስ 6:40
• ኩሉ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ ኣሎ። (ሕሉፍ ሕጅን መጻእን)
ንሱ፥ ካብ ናይ ፀልማት ስልጣን ኣውፅኣና፤ ናብታ መንግስቲ ፍቑር
ወዱውን ኣእተወና። ንሱ ብደሙ ተቤዘወና፥ እዙይውን ስርየት ሓጢኣት
እዩ። ቈላስይስ 1:13-14
• ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ሓድሽ ፍጥረት ኢኻ።
እዚ መጀመርታ ሓድሽ ህይወትካ እዩ ።
ስለዙይ ሓደኳ ብክርስቶስ እንተ ሃልዩ፥ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፤ እቲ
ብሉይ ሓሊፉ፥ እንሆ ዅሉ ሓድሽ ኮይኑ እዩ። 2ይ ቆሮንቶስ 5:17
• ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኢኻ ።
ነቶም ኩሎም ዝተቐበልዎን ብስሙ ንዝኣመኑን ግና፥ ውሉድ
እግዚኣብሄር ክኾኑ ስልጣን ሃቦም። ዮሃንስ 1:12